# SMITTSKYDDSBLAD

## Patientinformation

Tuberkulos

Översättning till tigrinja

Version 2022-04-11

## ዓባይ-ሰዓል (ቱበርኩሎስ) ሓበሬታ ንተሓከምቲ

***ብሓኻይም ምክልኻል-ለበዳ ዚወሃብ - ሓበሬታ ምክልኻል-ሕማም***

**እዚ ሓበሬታ'ዚ ስለምንታይ ይወሃበካ ኣሎ?**
ዓባይ-ሰዓል ስለ ዘሎካ ወይ ከም ዘሎካ ስለ ዝተጠርጠርካ፥ ሕክምና ምግባር ከድልየካ እዩ። እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ብዛዕባ ዓባይ-ሰዓልን፡ ከመይ ኢሉ ከም ዚሓውን፡ ንስኻ ውን እንታይ ምግባር ከም ዘድልየካን ሓበሬታ ዝሓዘ'ዩ።

**ዓባይ-ሰዓል እንታይ እዩ?**
ዓባይ-ሰዓል (Tuberkulos, kallas också TBC eller TB) ተባሂሉ ውን ይጽዋዕ'ዩ፥ ብሓደ *ማይኮባክተርዩም ቱበርኩሎሲስ* ”*Mycobacterium tuberculosis*” ብዝተባህለ ባክቴሪያ ዚልዓል ናይ ሕማም ረኽሲ'ዩ። ብዙሕ እዋን ረኽሲ ናይ ሳንቡእ ዘምጽእ'ዩ። ግን ድማ ካልእ ክፍሊ-ኣካላት፥ ንኣብነት ከም ጽኪ፡ ሎቖታ-ሳንቡእ፡ ዓጽሚ፡ ሓንጎል ወይ ኵላሊት ከይተረፉ ይጥቅዑ እዮም። ምልክታት ሕማም ዚበዝሕ እዋን ድሕሪ ለበዳ ነዊሕ እዋን (ኣዋርሕ ወይ ዓመት) ምስ ሓለፈ'ዮም ዚቀላቐሉ። ኣብ ንኣሽቱ ቈልዑ ወይ ድኹም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘሎዎም ሰባት ግን፥ እቲ ሕማም ቀልጢፉ ማዕቢሉ ከቢድ ሳዕቤን ኪህልዎ ይኽእል'ዩ።

**ዓባይ-ሰዓልከመይ'ሉ ይለግበካ?**
እቲ ሕማም ኪመሓላለፍ ዚኽእል፡ ኣብ ሰናቡኦም ዓባይ-ሰዓል ካብ ዘሎዎም ሰባት እዩ። ኣብ ውሽጢ ገዛ ሓደ ዝሓመመ ሰብ ኪስዕል ከሎ፥ ካልእ ሰብ ድማ ነቶም ባክቴሪያ ዝሓዙ ደቀቕቲ ነጠብጣባት ናይ ኣየር ሃፋ ምስ ዘተንፍሶም፥ እቲ ሕማም ኪሓልፎ ይኽእል። ዓባይ-ሰዓል ቅድም-ቀዳድም ምስቲ ዝሓመመ ብቐረባን - ንነዊሕ እዋንን ርክብ ምስ ዚህልወካ እዩ። ስለዚ ድማ፡ እቲ መብዛሕትኡ ጊዜ፥ እቶም ምስቲ ዝሓመመ ሰብ ብሓደ ዚነብሩ'ዮም ነቲ ለበዳ ዚቃልዑ። ወለዲ ንደቆም ከላግቡሎም ይኽእሉ'ዮም፤ ናይ ቀረባ ኣዕሩኽ/መሓዙት'ውን ኪለግቦም ይኽእል'ዩ። ኣብ ሓጺር እዋን ዚግበሩ ወይ ነዊሕ ኣብ ዘይጸንሑ ርክባት ንኣብነት ኣብ ስራሕ ወይ ቤት ትምህርቲ፥ ሰብ ኪለግቦ ክሳብ ክንድ'ቲ ልሙድ ኣይኮነን።

**ሕማም ዓባይ-ሰዓል ከም ዘሎካ ብምንታይ ይፍለጥ?**
ልሙዳት ሳዕቤናት ናይቲ ሕማም፡ ሚዛን ምንካይ፡ ንነዊሕ ጊዜ (ካብ 3 ሰሙን ንላዕሊ) ዚጸንሕ ሰዓል፥ ለይቲ ምርሃጽን ከምኡ ውን ረስኒን እዮም። እቲ ንሳዕቤን ናይቲ ሕማም ዚውስን፥ እቲ ባክቴሪያ ናይታ ዓባይ-ሰዓል ዚርከብዎ ክፍሊ-ኣካል እዩ። ዓባይ-ሰዓል ኣብ ሻምብቆ ትንፋስ፥ ዚበዝሕ እዋን ዝተናወሐ ሰዓል የለዓዕል። እቶም ካልኦት ሳዕቤና፥ ከም ሕበጣት (ኣብ ጽክታት)፡ ወይ ቃንዛ (ዓባይ-ሰዓል ኣብ ዓጽሚ ወይ ከብዲ) ምጥቃስ ይከኣል'ዩ። ምልክታት ሕማማት ዓባይ-ሰዓል፡ ንውሓት ሕማም ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ኪፈላለዩ ይኽእሉ'ዮም - ካብ ምልክት ዘይምህላው፡ ክሳብ ከቢድ ምልክት ሕማማት ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

**ዓባይ-ሰዓል ክሳብ ክንደይ ተላጋቢ እዩ?**
ዓባይ-ሰዓል ናይ ሳንቡእ ዘሎዎም ሰባት፥ ማለት ኪስዕሉ ከለዉ ኣብ ዚህብዎ ቅምሶ ባክቴሪያ ዚርከቦም፥ ቅድሚ ሕክምና ምጅማሮም፡ ኣዝዮም ሕማም ከላብዑ ይኽእሉ'ዮም። ተላባዕነት ሕማም ዓባይ-ሰዓል፡ ድሮ ኣብተን ፋልሞት ሰሙናት ሕክምና ቀልጢፉ ይንኪ'ዩ። ካብ ሳንቡኦም ወይ ካብ ሻምብቆ ትንፋሶም ወጻኢ፡ ኣብ ካልእ ክፍሊ-ኣካል ዓባይ-ሰዓል ዘሎዎም ከላግቡ ኣይክእሉን'ዮም። ዓባይ-ሰዓል ዘሎዎም ዕሸላት ቈልዑ፥ ዳርጋ ፈጺሞም ኣየላግቡን'ዮም። ዓባይ-ሰዓል ብኽዳን ወይ ብኻልእ ነገራት ኣይላባዕን'ዩ። ዓባይ-ሰዓል ኣብ ደገ'ውን፡ ዳርጋ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ኣይመሓላለፍን'ዩ።

**ዓባይ-ሰዓል ሓደገኛ ድዩ?**
ሕማም ዓባይ-ሰዓል ሕክምና እንተ ዘይተጌሩሉ፥ እቶም ባክቴሪያ ንኻልእ ክፍሊ-ኣካል ልሒሞም ኬጥቅዑ ይኽእሉ'ዮም። ሕክምና ዘይተገብሮ ሕማም ዓባይ-ሰዓል፥ ከቢድ መጒዳእቲ ከምጽእ፡ ስሕት ኢሉ'ውን ናብ ሞት ኬብጽሕ ዚኽእል'ዩ። ዕሸላት ቈልዑን ድኽም ዝበለ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘሎዎም ሰባትን፥ ብዓባይ-ሰዓል ብጽኑዕ ንኪሓሙ፡ ኣብ ዓቢ ሓደጋ ይርከቡ።

**ዓባይ-ሰዓል ብኸመይ ኪሓዊ ይኽእል?**
ሕማም ዓባይ-ሰዓል፡ ነቶም ሕማም ዘላዓዕሉ ባክቴሪያ ዚቕትል መድሃኒት ብምውሳድ ሕክምና ይግበረሉ። ሕክምና ዓባይ-ሰዓል ዝተናወሐ መስርሕ'ዩ፤ ንሓያሎ ኣዋርሕ'ውን ዚቕጽል'ዩ። እቲ ሓኪም ዚህበካ ሕክምና ምክትታል ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር'ዩ። ሓደ-ሓደ መድሃኒታት ብጥሙይ ከብዲ (ዚበዝሕ እዋን ሓደ ሰዓት ቅድሚ ቊርሲ) ይውሰዱ። ንሕክምና ዚወሃበካ ከኒና ከይዘለልካ ምውሳድ

ከኣ፥ ከምኡ ኣገዳሲ’ዩ። ንመምርሒታት ሓኪም ተኸተል። ኣብቲ ሕክምና ሽለልታ ምርኣይ፥ ባክቴሪያ ንመድሃኒት ተጻወርቲ ኪገብርዎም ይኽእል’ዩ። ከም ሳዕቤን ናቱ ድማ፡ እቲ ሕክምና ኪጽንክር ይኽእል’ዩ። መድሃኒት ዓባይ-ሰዓልን እቲ ምስ ሓኪም ትገብሮ ምክትታልን ብነጻ ይግበረልካ።

**ምንጪ ሕማም ምንዳይ - እንታይ ማለት’ዩ?**

ሕክምና ኪግበረሎም ምእንቲ፡ ዓባይ-ሰዓል ዘሎዎም ሰባት ኣናዲኻ ምርካብ ኣዝዩ ኣገዳሲ’ዩ። በቲ ሓደ መዳይ ናይ መጒዳእቲ ሓደጋ ንምንካይ (ኣብ ላዕሊ ተመልከት)፤ በቲ ኻልእ መዳይ ከኣ፡ እቲ ሕማም ናብ ብዙሓት ንኸይላባዕ ንምክልኻል’ዩ። ስለዚ፡ ዓባይ-ሰዓል ዘሎካ ሰብ፥ ምስ መን ብሓደ ትቕመጥ ከም ዝነበርካ ወይ ምስ መን ከም ዝነበርካ፤ ንመን ኣላጊብካ ክትከውን ከም ትኽእል፤ ወይ ውን መን ኣላጊቡልካ ኪኸውን ከም ዚኽእል ብዚምልከት፥ ግድን ክትሕብር ኣሎካ። ሓደ ሰብ ምልክት ሕማም ዘይረኣዮ ክነሱ፡ ግን ዓባይ-ሰዓል ዝለገቦ ኪኸውን ይኽእል’ዩ።

**ዓባይ-ሰዓል ኣብ ሕጊ ምክልኻል ሕማም ለበዳ እቱው’ዩ - እሞ እንታይ ማለት’ዩ’ሺ?**

ዓባይ-ሰዓል ምስ ሓዘካ፡ ግድን ንኻልእ ሰብ ናይ ምልጋብ ሓደጋ ብዘየእቱ ኣገባብ ክትነብር ኣሎካ። ዓባይ-ሰዓል ዘሎካ፡ ወይ ከይህልወካ እትጥርጠር፥ ሓኪምካ **ንዚህበካ መምርሒታት ኣደብ፥ ግድን ተኸቲል**ካ ክትከይድ ኣሎካ፡-

- ተላጋቢ ዝኾነ ሕማም ዓባይ-ሰዓል ዘሎካ፡-
  - ኣብ ሆስፒታል ንውሱን ጊዜ በስገዳድ ክትሕከም ትኽእል ኢኻ
  - ክሳዕ እቲ ሕክምና ካብ ሕማም ናጻ ዚገብረካን፡ ክሳዕ ሓኪምካ ደጊም ናብ ካልእ ሰብ ከተላግብ ኣይትኽእልን ኢኻ ዚብለካን፥ ናብ ስራሕ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ወይ ናብ ንጥፈታት ትርፊ-ግዜ ክትከይድ ኣይፍቀደካን’ዩ።
- ሓኪም ቈጸራ እንተ ሂቡካ ግድን ክትመጽእ ኣሎካ።
- ገዛ ትግዕዝ እንተ ኼንካ ግድን ንሓኪምካ ክትሕብር ኣሎካ።
- ኣብ ምንጪ-ሕማም ዚግበር ምንዳይ ክትተሓባበር ይግብኣካ።

ንስኻ ጌጋ’ዩ ትብሎ መምርሒ ኣደብ እንተ ተዋሂቡካ፥ ኣብቲ ዞባኻ ምስ ዘሎ ሓኪም ምክልኻል-ለበዳ፡ ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

**ዝበለጸ ክትፈልጥ’ዶ ትደሊ?**

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ዓባይ-ሰዓል፡ ኣብዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ኢንተርነት ኣሎ፡-
www.1177.se
www.folkhalsomyndigheten.se

**ናይ ርክብ ሓበሬታ (Kontaktuppgifter)**

ስም ናይ ክሊኒክ *(Namn på mottagningen)*

……………………………………………………………………………

ዝረኸብካዮ ሰብ *(Du har träffat)*

………………………………………………………..……… ሓኪም *(Läkare)*

……………………………………………………………………….. ነርስ *(Sjuksköterska)*

ቴሌፎን/ናብ ክሊኒክ ዚድወለሉ ሰዓታት *(Telefonnummer/telefontid till mottagningen)*

………………………………..………………………………………